## ካብ ምምሕዳር ከተማ ስያትል ካብ ሰፈር ብህጹጽ ናይ ምውጻእ ሓበሬታ፡

**ትሕዝቶ ሓበሬታ:** ሰበ-ስልጣናት ከተማ ስያትል ነበርቲ ሓደ-ሓደ ከባቢታት ከተማ ስያትል ካብ ሰፈሮም ንክለቁ ትእዛዝ ኣማሓላሊፎም። እዚ ማለት ድማ ንስኹምን ቤተሰብኩምን ካብ'ቲ ሓደጋ ዘለዎ ከባቢ ናብ ካልእ ዝተመደበልኩም ቦታ ክትከዱ ክትሕተቱ ይከኣል።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ክትወጹ ምስተሓተትኩም ቀልጢፍኩም ከም እትወጹ ምግባር። እትጓዓዙሉ መንገዲ ብዝወሃበኩም ሓብሬታ መሰረት ተኸቲልኩም ምኻድ። በቲ ዝወሃብ ሓበሬታ መሰረት ሓደ-ሓደ እትጓዓዙሉ መንገድታት ምልክታት ተጌሩሉ ስለ ዝኸውን ንዑኡ ተኸተሉ።
- ኣቋራጭ መንገዲታት ንምውሳድ ዘይምፍታን ምኽንያቱ ተዓጽዮም ክኾኑ ስለዝኽእሉ።
- ክትወጽኡ ከለኹም ኣድለይቲ ዝኾኑ ነገራት ጥራይ ምሓዝ። ንኣብነት፡- ከም መድሃኒት፣ ፍሉይ መግቢ፣ሓደ-ሓደ ንብረት፣ንቆልዑ ዘድልዩ ነገራት፣ክዳውንቲ፣ገንዘብን ካልኦት ኣገደስቲ ወረቓቕትን።
- ቅድሚ ካብ ገዛ ምውጻእኩም ኩሉ መሳኹቲ ምዕጻው ኣብ መወዳእታ ድማ መዓጹ ከም ዝተዓጽዉ ምርግጋጽ።
- ናይ ገዛ እንስሳታት እንተድኣ ኣለዉኹም እንተተኻኢሉ ካብ'ቲ ሓደጋ ዘለዎ ቦታ ወጻኢ ዝቕመጥ እትፈልጡዎም ሰባት እንተድኣ ኣለዉ ምስኦም ምግዳፍ።ምኽንያቱ ኣብ ሓደ-ሓደ መዕቆቢ ቦታታት እንስሳታት ሒዝካ ምምጻእ ወይ ኣብ ኅደናታት ንበይኖም ምግዳፍ ስለዘይፍቀድ።
- መጉዓዝያ እንተድኣ ዘይብልኩም ካብ ጎረቤትኩም ወይ ካልእ ኣትፈጡዎ ሰብ ክተሓባበረኩም ምሕታት። መጉዓዝያ ዝርከበሉ ቦታ እንተድኣ ተሓቢሩ ድማ ናብ'ቲ መጉዓዝያ ዝርከበሉ ቦታ ብእግሪ ምኻድ፡ እቲ ቦታ ኣበይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ሓበሬታ ምሕታት።
- ብህጹጽ ካብ'ቲ ቦታ ናይ ምውጻእ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምርካብ ብረዲዮ ንዝወሃብ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ክንብብ ወይ  ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ  ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

**ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ :**

http://www.ready.gov/evacuating-yourself-and-your-family